# ምዕሪት ኣብ ኣልጀብራ

ኣብ ኣልጀብራ፡ ክልተ ኣብ የማንን ጸጋምን ዘለዉ ጉጅለ ቁጽርታትን ወይ ኸኣ ንሓንቲ ቁጽሪ ዝውክሉ ፊደላት ማዕረ ዋጋ ምስ ዚህልዎም ምዕሪት ኣለዎም ንብሎም።መብዛሕትኡ እዋናት ን ፊደል X ከም ዋጋ ናይ ሓደ ቁጽሪ ንጥቀመሉ።

ኣብነት:

**x+5 = 7**

ኣብዚ **x** ንሓንቲ ዘይተፈለጠት ቁጽሪ ትውክል።

እዚ ማለት **x** ወይ ከኣ እታ ዘይተፈልጠት ቁጽሪ ምስ **5** ተደሚራ ማዕረ **7** ትኸውን ማለት እዩ።

ብኸመይ ን **x** (ነታ ዘይተፈልጠት ቁጽሪ ክንረኽባ ንኽእል)?

ኩሉ ሻዕ: መጀመርታ ነቲ ምልክት ናይ ቀመር ክንሪኦ ይግብኣና እዩ።

ንኣብነት ኣብዚ **x+5 = 7** ዝብል ቀመር፡ እቲ ምልክት ናይ ቀመር **+**( ተደመሮ ወይ ኣወንታ) እዩ።

ስለዚ ካብቲ ኣብ የማን ዘሎ ቁጽሪ(ውጽኢት)ነቲ ኣብ ጸጋም ተጻሒፉ ዘሎ ቁጽሪ ተጉዲልናዮ፡ ነቲ ዋጋ ናይ **x** ክንረኽቦ ንኽእል።

**X + 5 = 7**

**x = 7- 5**

**x = 2**

ነታ **2** ኣብ ቦታ ናይ **x** የእቲና ነቲ ዝሰራሕናዮ ቅኑዕ ከምዝኾነ ክነረጋግጽ ንኽእል።

**x+5 = 7**

**2 + 5 =7**

**7 = 7**

እቲ ምልክት ናይ ቀመር ዝጎደሎ(**-** )ምስ ዝኸውን፡ በንጻሩ ፡ ነቲ ኣብ የማን ዘሎ ቁጽሪ ምስቲ ኣብ ጸጋም ዘሎ ቁጽሪ ንድምሮ።

ንኣብነት

**X – 5 = 7**

ኣብዚ እዋን **x= 7 + 5** ንገብር

**<u>X = 12</u>**

ነታ **12** ኣብ ቦታ ናይ **x** የእቲና ነቲ ዝሰራሕናዮ ቅኑዕ ከምዝኾነ ክነረጋግጽ ንኽእል።

**12 – 5 = 7**

**7 = 7**

***ዘክሮ***

ኣብ ቀመር ምዕሪት ዘሎ ዝኾነ ቁጽሪ፡ ካብ የማናይ ክንፊ ናብ ጸጋማይ ክንፊ ፡ ካብ ጸጋማይ ክንፊ ናብ የማናይ ክንፊ ክነግዕዞ ኸለና፡ ባህርያቱ ይቕይር። ማለት ኣወንታ(+) ቁጽሪ ተነይሩ ኣሉታ (**-**)

ቁጽሪ ይኸውን ማለት እዩ። ኣሉታ(-) ቁጽሪ ተነይሩ ድማ ኣወንታ (+) ቁጽሪ ይኸውን።

$$X + 5 = 7$$

X + 5 ጸጋማይ ክንፊ 7 የማናይ ክንፊ

---

## <u>ኣብ የማንን ጸጋምን ክልተ ዘይተፈልጡ ቁጽርታት ምስ ዚህልዉ።</u>

ንኣብነት

**7x + 4 = 5x + 10**

ኣብዚ ቀመር እዚ ብጸጋምን ብየማንን ክልተ ዘይተፈልጡ ቁጽርታት ኣለዉ። ምኽንያቱ **x** ክንድምንታይ ዋጋ ከምዘለዎ ኣይንፈልጥን ኢና። ስለዚ ንዋጋ ናይ **x** ክንደልዮ ኣሎና።

**7x**ን **5x**ን ክልቲኦም ዘማሳስል ነገር ኣለዎም። ክልቲኦም ቁጽርታት ን ፈደል **x** ሒዞም ኣለዉ።

**7x** ማለት **x+x+x+x+x+x+x** ማለት እዩ። **5x** ማለት ድማ **x+x+x+x+x** ማለት እዩ። **4**ን **10**ን ድማ ፍሉጣት ዝኾኑ ቁጽርታት እዮም።

እዚ ማለት **x+x+x+x+x+x+x** +**4** = **x+x+x+x+x** + **10**

ነዚ ዋጋ ናይ **x** ንምርካብ ነቶም **x** ዘለዎም ቁጽርታትን ነቶም ፍሉጣት ዝኾኑ ቁጽርታትን ፈላሊና ክንሰርዖም ይግብኣና እዩ።

ሕጂ ነቶም **x** ዘለዎም ቁጽርታት ብሓንሳብ ንገብሮም። ክንዝክሮ ዘሎና ነገር፡ **5x** ካብ የማን ናብ ጸጋም ክኸይድ ከሎ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ምልክት ናይ ቀመር ባህሪኡ ክቕይር እዩ። **+** ዝነበረ **-** ክኸውን እዩ። **4** እውን ካብ ጸጋም ናብ የማን ክግዕዝ ከሎ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ምልክት ናይ ቀመር ባህሪኡ ክቕይር እዩ። **+** ዝነበረ **-** ክኸውን እዩ።

$$\mathbf{7x - 5x = 10 - 4}$$

ካብ 7x 5x  ክነጉድል ከለና ፪፪ ይተርፈና። ካብ ፲ ድማ ፬ ተጉድልና ፮ ክተርፈና እዩ።

ስለዚ ፪ = ፮ ይኸውን ማለት እዩ። ሕጂ ተሪፍና ዘሎ ንዋጋ ናይ ፪ ምርካብ እዩ። ነዚ ንምግባር ነቲ ብየማናይ ክንፈን ብጸጋማይን ክንፈን ንዘለዉ ጉጅለታት ነቲ ምስ ፪ ለጊቡ ዘሎ ቁጽሪ ንመቕሎም። ኣብ ቅድሚ ፪ ኣብዚ